# ጕዕዞ ኣብ ትራፊክ ብሌኪንግ



እዚ መጓዓዚ ካርድ ወይ “ሬሰኩርት” እዩ። “ሬሰኩርት ሬስካሳ” (Resekort Reskassa) ክትጥቀም ንመኽረካ። ነዚ መጓዓዚ ካርድ ውሱን ድምር ገንዘብ መሊእካ በብእዋኑ እንዳኸፈልካ ትካየድ። ብሬስካሳ ክትከፍል ከለኻ ኰሉሳዕ 20 % ናይቲ ዋጋ ይጎድለልካ፤ እቲ ገንዘብ ከኣ ንደረት ዘይብሉ ጊዜ ኣብቲ ካርድ ይጸንሓልካ። ኣብቲ ካርድ ዝመላእካዮ ገንዘብ ምስ ተወደአ: እንደገና ነቲ ካርድ ክትመልኦ ትኽእል ኢኻ።

---

ትኬት ጉዕዞ ኣብ ኣውቶቡስ ብናይ ባንክ ካርድ ግዛእ። ከም መኽፈሊ እንቕበሎም ዓይነታት ባንክ ካርድ: ቪዛ (VISA) ማስተርካርድ (MasterCard) ማየስትሮን (Maestro) ቪዛ ኤለክትሮንን (VISA Electron) እዮም። ብካርድኻ ክትከፍል ከለኻ ግን እቲ ዋጋ ዝይድ ይብል። ኣብ ኣውቶቡስ ብባጤራ (ካሽ) ክትከፍል ከም ዘይትኽእል ኣይትረስዕ!

---

ናይ ትኬት ኣውቶማት ኣብ ብሌኪንገ ኣብ ዝተፈላለዩ መደበራትን መዕርፎ ኣውቶቡሳትን ይርከብ። ኣብኡ መጓዓዚ ካርድ ክትመልእን ትኬት ክትገዝእን ትኽእል። ክፍሊት ብካርድኻን ናይ ባንክ ካርድን ይኽፈል።

---

ቦታ እንተሎ: ዓረብያ ቈልዓ: ሮላቶር: ዓረብያ ስንኩላንን ክትማላእ ትኽእል ኢኻ። ዓረብያ ወይ ሮላቶር ኣብ ዝተወሰነሉ ቦታ ተቐሚጡ ይእሰር።

---

ኣብ ኣውቶቡስ ኵሉሳዕ ናይ ድሕነት መዕጥቕ ተጠቐም።

---

ቈልዑ/ተመሃሮ መባእታ ትሕቲ 20 ዓመት 60 % ናይ ኣባጽሕ ዋጋ ይኸፍሉ።

---

ናይ ኣባጽሕ ትኬት እንተ ገዚእካ: 7 ዓመት ዘይመልኡ ክልተ ቈልዑ ምሳኻ ብዘይ ተወሳኺ ክፍሊት ክትማላእ ትኽእል። ነቲ ሳልሳይ ቈልዓ ግን ናይ ቈልዑ/ተመሃሮ መባእታ ትኬት ትኸፍለሉ።

---

ኣብ ኣውቶቡስ ሒዝካዮ ዝኣተኻ ምግቢ ምብላዕ ወይ መስተ ምስታይ ፍቑድ ኣይኮነን።

---

ብኽብረትካ ኣእጋርካ ኣብ መንበር ኣይትስቀል። ዝረስሐ መንበር ከተጽርዮ ኣጸጋሚ'ዩ።

---

ኣብ ኣውቶቡስ ሓደ ነገር እንተ ረሲዕካ: ምስ በሪክቫራቡስ (Bergkvarabuss) ብቑጽሪ ስልኪ 0455-30 85 00 ርክብ ግበር።

---

ንትራፊክ ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ: ምስ ሓባሪ ትራፊክ ብለኪንገ (Blekingetrafikens Trafikupplysning) ብቑጽሪ ስልኪ 0455-569 00 ርክብ ግበር።

## ክፉታት ሰዓታት:

ሰኑይ - ዓርቢ ሰዓት 6-21

ቀዳመ-ሰንበትን በዓላትን ሰዓት 9-18

ኣብ ኢንተርነት ዘሎ ኣድራሻ መርበብና blekingetrafiken.se እውን ርኣዮ፤ ወይከኣ ሰሌዳታት ጊዜን ዋጋታትን ኣብ ሞባይል ስልክኻ ርአ።

HAPPIEND. Blekingetrafiken 2016:2. Tigrinja